# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 34 ዓመት ቁ.8 ሰሉስ 10 መስከረም 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ጠቓምቲን ጎዳእቲን ባክተሪያ





ገጽ 3
ፊልም ኤርትራ ንክዓቢ እንታይ ክግበር ኣለዎ?





ገጽ 4
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ





ገጽ 5
ስብ ምህናጽ፡ እቲ ዝበረኸ ዓወት'ዩ!





ገጽ 7
ቢንያም፡ ሳልሳይ ኣትዩ




## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ ናይ ቻይና መገሻኡ ተመሊሱ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ትማሊ 9 መስከረም ሰዓት 1 ናይ ለይቲ ካብ ናይ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና መገሻኡ ተመሊሱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ካብ 4 ክሳብ 6 መስከረም ኣብ ዝተቓነየ 9ይ ዋዕላ ሽርክነት ቻይናን ኣፍሪቃን (FOCAC) ንምስታፍ'ዩ ብ31 ነሓሰ ናብ'ታ ሃገር ገይሹ።

ጎኒ-ጎኒ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ፕረዚደንት ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ሺ ጂንፒንግን ቀዳማይ ሚኒስተር ሊ ችያንግን ኣብ ዝነበሮ ርክባት፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናታትን ሓባራዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ጉዳያትን ተዘራሪቦም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ሳልቫኪር ሚያርዲትን ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ዓብዱልፈታሕ ኣልቡርሃንን እውን ተመሳሳሊ ርክባት ኣካዪዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዘተጓዓዘ ጉጅለን ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዞባ ሻንዚ ዝተደኮኑ ኣብ ምምዕባል ቴክኖሎጂ ሕርሻ ዝጠጥፍ ትካል 'ያንግሊንግ፡ ኢንስቲትዩት ምምዕባል ማይ ዘይህልኽ ሜላታት ሕርሻ፡ ፋብሪካ መካይንን ትካል መፍረ ሓምላይ ጸዓት 'ሎንጊ'ን በጺሖም።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩ ተጓዒዙ ነይሩ።



ስእሊ - ታእዛዘ ኣብርሃ

## ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዞባ ሻንዚ ዝርከብ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ልምዓት ሕርሻን ማይን ተዓዚቡ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ልምዓት ሕርሻን ማይን ንምዕዛብ፡ ብ7 መስከረም ኣብ ዞባ ሻንዚ ናይ ቻይና ዑደት ኣካዪዱ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዘተጓዓዘ ጉጅለን ኣብ ዑደቶም፡ ኣብ ምምዕባል ቴክኖሎጂ ሕርሻ ዝጠጥፍ ትካል ሕርሻ ያንግሊንግ፡ ኢንስቲትዩት ምምዕባል ማይ ዘይህልኽ ሜላታት ሕርሻ፡ ፋብሪካ መካይን ሻንዚ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትካል መፍረ ሓምላይ ጸዓት ሎንጊ በጺሖምን መብርሂ ተዋሂብዎምን።

ኣብ ርእሲ ከተማ'ቲ ዞባ ዝኾነት ከተማ ሺያን ድማ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ምስ ኣመሓዳሪ ዞባ ሻንዚ ዙ ጋንግ ተራኺቦም ዘቲዮም።

ኤርትራን ቻይናን ታሪኻውን ስትራተጂያውን ዝምድና ከምዘለወን ዝጠቐሰ ሚስተር ዙ፡ እዚ ዝምድናዚ ካብ 2022 ናብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዝበረኸ ብምሕባር፡ ዞባ ሻንዚ ነቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግን ኣብ ዝበርዎ ዘተ ዝተበጽሐ ስምምዓት ንምትግባር፡ ምሉእ ምድላዋት ገይሩ ከምዘሎ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ፡ ስለ'ቲ ዝተገብረሉ ምውዒቕ ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ኤርትራን ቻይናን ናይ ልዕሊ 60 ዓመታት ዝምድናን ሓባራዊ ረብሓን ከምዘለወን ብምግላጽ፡ ቻይና ኣመዝጊባቶ ብዘላ ክሉመዳያዊ ምዕባለ፡ ተሰፋ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኮይና ከምዘላ ኣብሪሁ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ሻንዚ ንኽብሪ ፕረዚደንት ኢሳይያስን ምስኡ ዘተጓዓዘ ጉጅለን ናይ ድራር እንግዶት ገይሩ።

ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ዝርከብ ዞባ ሻንዚ፡ ኣስታት 200 ሽሕ ትርብዒት ኪሎሜተር ስፍሓት ዘለዋን 40 ሚልዮን ህዝቢ ዝቕመጦን ኮይኑ፡ ልዕሊ 110 ዩኒቨርሲታትን ኮሌጃትን፡ ከምኡ'ውን ኣስታት 5 ሽሕ ማእከላት ምርምር፡ ፋብሪካታት ምምስራሕ መኪና፡ ከምኡ'ውን ከቢድ ኣጽዋር፡ ከምኡ'ውን ኩባንያታት መካይንን ካልእን ይርከቡ።





ስእሊ - ኣኽሊሉ ዘርእዝጊ

## ደቡብ - ንመንእሰያት ስልጠና ምሕደራን መሪሕነትን ተዋሂቡ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብምሕደራን መሪሕነትን ዝሰልጠኑ 89 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብዎም 169 መንእሰያት ተመሪቖም፡ ብ4 መስከረም ተመሪቖም።

እቲ ስልጠና፡ ኣምር ምሕደራን መሪሕነትን፡ ስነ-ልቦናን መሪሕነትን፡ ውጥንን መሪሕነትን፡ መሪሕነትን ምሕደራን ብዮዛብራዊ ተመኩሮ፡ ሜላታት ምብህዛልን ስሚታዊ ብልሕን፡ ውዳበን መሪሕነትን፡ ህንጻት ጋንታ ኣብ ምምስራት ጥሙር ውዳበታት፡ ከምኡ'ውን ምሕያል ኩለንተናዊ ብቕዓት ከም መድረኻዊ ግድነት፡ ዝብል ኣርእስትታት ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ስልጠና መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓቕሚ መንእሰያት ክብ ንምባል ብዝኸበቡ ዝቐደ ስልጠናታት ከምዝኾነ ገሊጹ።

ጸሓፊት ህግደፍ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ኣመተ ንገሰን ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ሃማመተኤ ወ/ሮ ሄለን ኣሚን ብወገን ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ጸላዊ ኣበርክቶ ክህልዎም ትጽቢት ከምዝግበር ገሊጸን።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ጠቓምቲን ጎዳኢቲን ባክቴሪያ

ብዙሓት ባክተሪያ ክለዓል እንከሎ፡ ብድሕሪኡ ዝስዕብ ሓያሎ ሕማም ኣብ ሓንጎልና ስለ ዝመጽኣና፡ ጠቐምቲ ዘለዉ ኣይመስለናን እዩ።

ብባክተርያ ክስዕቡ ዝኽእሉ ሕማማት - ኒሞንያ (Streptococcus pneumoniae)፡ ኣንቀጺ(Haemophilus influenzae)፡ ረኽሲ (Group A Streptococcus)፡ ምብካል መዓንጣ (Escherichia coli and Salmonella) ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል።

እዞም ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ ብዙሕ ግዜ ኣብ ኢድና፡ ኣብ መዓንጣ፡ ኣብ ክሳድ፡ ኣብ ዓይኒ ምድሪን ካልእ ረስሓት ዘለዎ ከባቢን ክጸንሑ ይኽእሉ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ጸረ-ነፍሳት መድሃኒት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ እናማዕበሉ ይኸዱ ብምህላዎም'ውን ብቐሊሉ ክንፍውሶም ኣሸጋሪ ኮይኑም እዮም ዘርከቡ።

ይኹን'ምበር፡ ኣብ ከብድና፡ ደጋዊ ክፋል ሰብነትናን ኣብ ውሽጢ ሰብነትናን ዘለዉ ባክተርያ፡ ኩሎም ኣይኮኑን ጎዳእቲ። ንሰብነትና ልዑል ጥቕሚ ዘለዎም ባክተርያ ከም ዘለዉ ክንዘንግዕ የብልናን።

ሰብነትና መዕቖቢ ናይ 100 ትሪሊዮን ዝግመቱ ዝተፈላለዩ ዝዓይነቶም ጠቐምቲ ባክተርያ እዩ። መብዝሕትኦም ኣብ ኣምዑትናን ኣብ ከስዕናን ክህልዉ እንከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ኣካላትናን ቆርበትናን ይርከቡ።

ጠቐምቲ ባክተርያ መግቢ ንምሕቃቕ ይሕግዙና። መኣዛዊ መግቢ ተመጺዩ ብመንገዲ ሰራውር ደምና ናብ ኩሉ ክፍሊ ሰብነትና ንምብጻሕ'ውን ልዑል ተራ ኣለዎም። ኣብ መተሓላለፊ ኣምዑት ዝተፈላለዩ ዓይነት ቫይታሚን፥ ከም 'ፎሊክ ኣሲድ'፡ 'ኒኣያሲን'፡ ከምኡ'ውን ቫይታሚን 'ቢ'፡ ኣብ ምፍራይ የገልግሉ እዮም።

**ንጥዕናና ጥቕሚ ዘለዎ ባክተርያ ዝሓዙ መግብታት**

= ርጎኣ፡
= ብራሕ፡
= ፎርማጆ ወዘተ።

ጠቐምቲ ባክተርያ ዘለዎም ዝጸሸዑ/ዝተጠኸኡ መግብታት

= ሕልበት፡
= ቸኮሌት፡
= ዝጸሸዐ ባኒ ወይ ሕምባሻ፡
= በራ ምጥቃስ ይከኣል።

እዞም ጥቕሚ ዘለዎም ባክተርያ ዝሓዙ መግብታት፡ ከም ወጽኣት፡ መንፋሕትን ቅርጸትን ከስዑ፡ መባእይ (ዓይነት ሕማም ቆርበት ምኻኑ እዩ)፡ ምብዕኻኽን ምምሽማሽን ኣስናን ንዘኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሕማም ንምፍዋስ የገልግሉ።

### ዓይነት ጠቐምቲ ባክተርያ

ባክተርያ 'ላክቶባሲለስ' (Lactobacillus)

እዚ ባክተርያ'ዚ ኣብ ኣካላት ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ስርዓት ሽንትን ብልዕትን ይርከብ። እዚ ዓይነት ባክተርያ ብትሑት ቁጽሪ ደኣ ይኹን'ምበር ኣብ ርግኣን ፍርያት ጸባን ይርከብ እዩ። ልዕሊ 50 ዝተፈላለዩ ዓይነት ባክተርያ 'ላክቶባሲለስ' ኣለው።



* 'ላክቶባሲለስ ኣሲዶፊለስ' (Lactobacillus acidophilus)፡- እዚ፡ ኣብ ርግኣን በኹዖም ዝሸኸቱ መግብታትን ይርከብ። ኣብ ብልዕቲ ደቂ ኣንስትዮ ክፍጠር ዝኽእል ረኽሲ ኣብ ምክልኻል ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ። እዚ ባክተርያ'ዚ ብመልክዕ መድሃኒት'ውን ክዳሎ ዝኽእል እዩ።

* 'ላክቶባሲለስ ርሃምኖሱ' (Lactobacillus rhamnosus)፡- ኣብ እዋን ጉዕዞ ንዘጋጥመና ወጽኣት ናይ ምክልኻል ባህሪ ኣለዎ። ብመልዕ ከረና ተዓልዩ ክወሃብ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ኣብ ዕሸላት ዝርአ መባእይ ኣብ ምፍዋስ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎ።

* 'ላክቶባሲለስ ሳሊቫሩስ' (Lactobacillus salivarius)፡- ኣብ ከስዐ ንዝፍጠር ምርባሕ ባክተርያ 'ኤች. ፓይሎሪ' ይከላኸል።

* 'ላክቶባሲለስ ፕላንታሩም' (Lactobacillus plantarum)፡- ብሰንኪ ጎዳኢቲ ባክተርያ ክፍጠር ዝኽእል ሕማም ንምክልኻል ይጠቅም። ረኽሲ ሳንቡእ'ውን ይከላኸል እዩ።

'ቢፊዶባክተርያ' (Bifidobacteria)

ንዘበዝሐ ኣብ ሰብነትና ንዝርከቡ ጠቐምቲ ባክተርያ እዩ ዝሓቑፍ። እዚ ባክተርያ'ዚ ውልድ ካብ ንብል ኣትሒዙ ኣብ መተሓላለፊ መዓንጣ ክፋረ ይጀምር። 30 ዝተፈላለዩ ዓይነት 'ቢፊዶባክተርያ' ኣለው።

* 'ቢፊዶባክተርያ ቢፊዱም' (Bifidobacteria bifidum)፡- ሕማም ዘስዕቡ ባክተርያ ናብ ሻምብቆ ደም ከይበጽሑ ይከላኸል።

* 'ቢፊዶባክተርያ ኢንፋንቲስ' (Bifidobacteria infantis)፡- ቃንዛ፡ ዕንርግርን መንፋሕትን ከስዐ ንምክልኻል ይጠቅም።

* 'ቢፊዶባክተርያ ላክቲስ' (Bifidobacteria lactis)፡- መጠን ኮሌትሮል ደቂ ኣንስትዮን ግዱያት ካልኣይ ዓይነት ሕማም ሽኮርን ይቆጻጸር።

**ጠቐምትን ጎዳእትን ባክተርያ ኣብ ቆርበትና**

ቆርበትና ዝዓበየ ክፍሊ ኣካል ናይ ሰብነትና እዩ። ኣብ ቆርበትና ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ታህዋስያን እዮም ዝርከቡ - ባክተርያ፡ ፋንገስ ከምኡ'ውን ዕሱ። እዞም ብዓይነትን ዘይንርእዮም ታህዋስያን 'ማይክሮባዮም' (microbiome) እዮም ዝበሃሉ።

**ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ 'ማይክሮባዮም' እንታይ እዩ ስርሖም?**

ኣካል ናይ ቀጸላ ቆርበትና ኮይኖም፡ ብደገ ክመጽኣና ንዝኽእል መጉዳእቲ ይከላኸሉ።

* ረኽሲ ይከላኸሉ። ገለ ካብ 'ማይክሮባዮም' ከም ተፈጥሮኣዊ ፈውሲ ጸረ-ነፍሳት (antibiotic) ኮይኖም የገልግሉ። ናይ ቆርበትና ኣሲዳት ብምሕላው ጎዳኢቲ ታህዋስያን ኣብ ምቑታል'ውን የገልግሉ።

* ስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነት የሐይሉ። ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ 'ማይክሮባዮም' ሰብነትና ሕማም ብዘፈጥር ጸረ-ጓና ታህዋስ ምስ ዝጥቃዕ ናብ ሕማም ዘከላኽል ስርዓት ሰብነትና ቀልጢፉ መልእኽቲ ብምስዳድ ከም ዝቕሕ ይገብሩ። ካብ ጸርጊ ብርሃን ንዝፍጠር ጨረርታ (UV) ዋህዮታት ቆርበት ሰብነትና ክሱብ ክንደይ ዓቕሚ ከም ዘለዎም ኣብ ምምልካት'ውን ይሕግዙ እዮም።

*ዝተፈጥረ መቑሰልቲ የሕዊ።

**ኣብ ቆርበትና ንዝርከቡ 'ማይክሮባዮም' ዝጸልዎም እንታይ እዩ?**

'ማይክሮባዮም' ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ዝተኣከቡ ደቀቕቲ ታህዋስያን (microorganisms) እዮም። እዞም 'ማይክሮባዮም' እዚኦም ኣብ ቁልዕነት ዕድመና ቁጽርም ዳርጋ ምጡን ክኾኑ እንከለዉ፡ ናብ ብጽሒና ኣብ እንስጋገረሉ እዋን ግና ብዙሓት ክራብሑ እዮም ዝጅምሩ።

ኣብ ግዜ ብጽሒና፡ ካብ ሰብነትና ስብሓዊ ኣሲድ (sebum) ክወጽእ ስለ ዝጅምር፡ ኣካላትና ይጨኑ። ገለ ዓይነት ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ባክተርያ እዚ ጨና'ዚ ስለ ዝፈትውዎ ብብዝሒ ክራብሑ ግድን ይኸውን። ከንጉብዘ እንከሎና፡ ኣብ ቆርበትና ብፍላይ ኣብ ገጽና ፈጺጋ ሽፋ ኩብለና ዝጅምር'ውን ብሰንኪ እዚ ካብ ሰብነትና ዝወጽእ ስብሓዊ ኣሲድ እዩ።

'ማይክሮባዮም' ኣብ ክፍሊ ቆርበትና ዝህልውሉ ከባቢ ዝተፈላለየ እዩ። ኣብ ገለ ክፍሊ ሰብነትና ብብዝሒ፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ብትሑት ቁጽሪ ክህልዉ ይኽእሉ። ገለ ካብ 'ማይክሮባዮም' ጠሊ ኣብ ዘለዎ ከባቢ ቆርበትና - ከም ኣብ ኩርናዕ ኢድናን ጻዕዳ እግርናን ዝያዳ ክሰሱ ይረኣዩ። ገሊኦም ድማ ኣብ ደረቕን ቅብኣት ዘለዎ ክፍሊ ቆርበትና ዝሰማምዖም እዮም።

**ካልኦት ንምፍራይ 'ማይክሮባዮም' ዝጸልዉ ነገራት፡-**

* ዘርኢ (Gene)፡
* ኣመጋግባ (Diet)፡
* ዘይንቡር ኣገባብ ኣነባብራ (lifestyle choices, like smoking)፡
* ኣከባቢ (Environment)፡
* ብከላ ኣየር (Air pollution)፡
* ምቅላዕ ንጸርጊ ጸሓይ (Exposure to UV light) ወዘተ።

**ምስ 'ማይክሮባዮም' ክመጽኡ ዝኽእሉ ሕማማት ቆርበት**

ህላወ 'ማይክሮባዮም' ኣብ ቆርበት ሰብነትና ብዝተፈላለየ መንገዲ ክጸሉ ይኽእል እዩ። ንቆርበትና ጠቐምቲ ዝኾኑ 'ማይክሮባዮም' ብምዕሩይ ኣገባብ ምስ ዘይህልዉ ብፍላይ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ቆርበት ክንቃላዕ ንኽእል ኢና። ዘይምዕሩይ 'ማይክሮባዮም' ኣብ ቆርበትና ምህላው ብሕክምናዊ ኣገላልጻ 'ዳይባዮሲስ' (dysbiosis) ይበሃል። ብሰንኪ'ዚ ተኣሳሲሮም ዝመጽኡ ሕማማት ቆርበት፡-

= መባእይ (Eczema)፡
= ሶርያሰስ (Psoriasis) ቀይሕ ሻሕኮር ቆርበት፡
= ፈጺጋ (Acne)፡
= ምቕያሕ ቆርበት ሰብነት፡ ብፍላይ ገጽ (Rosacea)፡
= ረኽሲ ቆርበት ክጥቀስ ይከኣል።

'ማይክሮባዮም' ኣብ ቆርበትና ካብ ዝሁብዎ ጥቕሚ

ኣብ ቆርበት ሰብነት ብቢልዮናት ዝቑጸሩ ባክተርያ እዮም ዘለዉ። ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ ባክተርያ ማለት 'ማይክሮባዮም' ብዙሕ ጥቕሚ እዩ ዘለዎም። ንኣብነት፡ ከሚኻል ኣብ ቆርበትና ክትጓኸፍ እንከሎ፡ ኣብ ቆርበትና ጉድኣት ከየውረደ ስጡሮም ክሱብ ናይ ምኽላይ ዓቕሚ እዩ ዘለዎም። ካብ ከስዐን ኣምዑትን ቀጺሉ፡ ባክተርያ ብብዝሒ ዝርከቦ ክፍሊ ኣካል ቆርበትና እዩ። ባክተርያ፡ ኣብ ቆርበትና ዝሑበረሉ ክፍሊ ሰብነት'ውን ይመርጹ እዮም። ኣብ ግንባርና፡ ኣፍንጫና፡ ሕቖና ምንኮር ዝፈትዉ ዓይነት ባክተርያ 'ኩቲባክተርየም' (Cutibacterium) ይበሃሉ። ኣብ ኣጽብዕቲ ኣእጋርና ምንኮር ዝፈትዉ ዓይነት ባክተርያ ድማ 'ፕሮፒዮኒባክቴርየም' (Propionibactrium) እዮም። እዞም ብዓይነቶም ዘይረኣዩ ንኣሽቱ ታህዋስያን ዝነብሩሉ ምስ ወዲ ሰብ ተጸጊዖም ምንባር ለሚዶም እዮም።

ከምቲ ኣብ ከስዕን ኣምዑትን ዘለዉ ባክተርያ ንጥዕናና ጠቐምቲ ዝኾኑ፡ ኣብ ጉዳም ቆርበትና ዝርከቡ ባክተርያ እውን ንቖርበት ሰብነትና ዝሁብዎ ጥቕሚ ብዙሕ እዩ።

ሓደ ካብቲ እዞም 'ማይክሮባዮም' ዝሁብዎ ጥቕሚ፡ ካብ እንውለድ ኣትሒዞም ኣብ ቆርበትና እናተተኻኽኡ ስለ ዝሰበሩ፡ ሰብነትና ኣየናይ ዓይነት ጠንቂ ሕማም ከም ዝኸድአ ኣጸቢቖም ናይ ምልላይ ባህሪ ስለ ዘጥረዩ፡ ኣብ ምክልኻል ሕማም ልዑል ተራ ይጻወቱ። ብኸምዚ፡ ቁጥዐ ሰብነት ከጥቅዓና ዝሎ ተኽእሎ ከም ዝንድል ይገብሩ። ኣብ ቆርበትና ዘሎ ፈሳሲ ብዘዮምእ ብምዕቃብ'ውን፡ ንቆርበት ሰብነትና ካብ ምዕጣርን ምእራግን ይከላኸልሉ።

ናይ ቆርበትና ላዕለዋይ ቀጸላ 'ስትራተም ኮርነዩም' (stratum corneum) እዩ ዝበሃል። 'ኮርኒሳይትስ' (corneocytes) ካብ ዝተባህሉ ዝሞቱ ጠቐምቲ ባክተርያ እዩ ዝህነጽ። እዚ ቀጸላ ቆርበት እዚ ኣገዳሲ ተራ ኮይኑ፡ ማይ ይኹን ጠሊ ክሕልፍ ዝኽእል ኣይኮነን። ማይ ክዝርመና እንከሎ ቆርበትና ዘይጅብጆብ እኮ በዚ ምኽንያት እዩ።

ቀጺሉ ዝርከቡ ናይ ቆርበት ክፍሊ 'ካራቲኖሳይትስ' (keratinocytes) እዩ ዝበሃል። ኣብ መንጎ ዋህዮታት ናይ'ዚ ቀጸላ ቆርበት ክፋት ቦታ ስለ ዘሎ፡ ማይ ክሓልፍ ይኽእል እዩ። ማይ ንኺይሓልፍ 'ካራቲኖሳይትስ' ቅብኣታዊ ፈሳሲ ብምፍራይ ኑቲ ሃንፍ ከም ዝዕጸን ጠሊ ከም ዝህልዎን ይገብር።

በዚ ድማ ቆርበት ሰብነትና ማይ ከይሓዘ ጥዕንኡ ሓልዩ ከም ዝቕጽል ይገብር።

ኣብ ቆርበትና ዘሎ ናይ 'ባክተርዩም' ዘይምምዕርራይ ንሓደጋ እዩ ዘቃልዕ። ከም 'ኦቶፒክ' ዝተባህለ ሕማም ቆርበት ሓዊሱ፡ ናይ ቆርበት ምቅጻል፡ ምሕባጥ፡ ምቅርራፍ፡ ምድራቕ፡ ምንቃዕን ካልኦትን ንዘኣመሰሉ ሕማማት ክንቃላዕ የኽእለና።

**ጥዕና ቆርበት ሰብነትና ብኸመይ ንሕሉ?**

ኣብ ቆርበት ሰብነትና ዘለዉ 'ማይክሮባዮም' ዘርእይዎ ናይ ጠባይ ምቅይያር ምፍላጥ ብቐሊሉ ዝከኣል ኣይኮነን። ጥዕና ቆርበትና ንምሕላው፡ ብኡ ኣቢልና ድማ ኩነታት ናይቶም ጠቐምቲ 'ማይክሮባዮም' ንምሕያል ዘኽእል ኣብ ቆርበትና ክንገብሮ ዝግበኣና ጥንቃቐታት ግና ኣለዉ።

=> ልዕሊ ዓቐን ካብ ምሕጻብ ምቑጣብ፡- ሰብነትና ክንሕጽብ እንከለና ካብ ዓቐን ንላዕሊ ቆርበትና ክንፍሕፍሖ ኣይግባእን። እዚ ንምዕሩይነት ናይቶም ኣብ ቆርበትና ዝርከቡ 'ማይክሮባዮም' ከዘናብሎ ይኽእል እዩ። ብፍላይ ድማ ንመሕጸቢ ንጥቀመሉ ዓይነት ሳሙና ጸረ ባክተርያ ኬሚካል ዘለዎ ምስ ዝኸውን፡ ተጠንቂቕና ክንሕጽብ ኣለና።

=> ቆርበትና ብዙሕ ጠሊ ከይህልዎ ምክትታል፡- ቆርበትና ምስ ዝጠልል ብፍላይ እቶም ሓደገኛ ባክተርያ ብብዝሒ ክፋረዩ ዕድል ይህብ እዩ። ስለዚ፡ ፕዝዙብና ኣብ ዘድልዩ ክሬም ናይ ቆርበት ኣብ ምግዛእ ኣይንውዕለሉ። ኣብ እትጥቀመሉ ዓይነት ክሬም ግቡእ ኣድህቦ ይሃልኻ።

=> ዝተመጣጠነ መግቢ ምምጋብ፡- ኣመጋግባና ኣብ ኣሕምልቲ ዝዘዘወ ምስ ዝኸውን፡ ቆርበትና መዕቀቢ ናይ ምዑሩይ ዝኾነ ጠቐምቲ 'ማይክሮባዮም' እዩ ዝኸውን።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ፊልም ኤርትራ ንኽዓቢ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

*ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024 ካብ ዝቐረቡ መደባት ሓደ ንፊልም ኤርትራ ዝድህስስ ነይሩ። እዚ ብስነ-ጥበበኛ ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን ዝቐረበ መጽናዕታዊ ጽሑፍ'ዚ፡ ፊልም ኤርትራ ንኽዓቢ እንታይ ክግበር ኣለዎ ዝብል ማእረታዊ ሕቶ'ዩ ኣልዒሉ። ንሎሚ እምበኣር ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ዝቐረበ ጽሑፍ ነቕርበልኩም።*

**ቀዳማይ መድረኽ** (1997 – 2005)

እዚ መድረኽ'ዚ ካብታ "ባሩድ 77" ዘርእስታ ፊልም ዝፈረየትሉ ጀሚርካ ክሳብ 200 ፊልምታት ፈረየ። ገለ ካብቲ ፊልምታት እዚን ዝስዕባ ክጥቀሳ ይኽእላ፤ "ፍቕርን ኩናትን" (ኢሳይያስ ጺጋይ)፡ "ጽግዕት" (ዲሰሎ)፡ ሚኒስተር (ተማስገን ጸጋየ/ኤፍሬም ካሕሳይ - ወዲ ኹዳ)፡ "ምቁር መርዚ" (ዮናስ ተዓገስ/መም. ጠዓመ ኣረፋይነ)፡ "ኢታ ኣደ" (ኢሳይያስ ጺጋይ/ምስጉን ዘርኣይ - ወዲ ፈራዳይ)፡ "ፈርመለይ" (ፍስሃየ ለምለም)፡ "ባሕሪ" (ኢሳይያስ ጺጋይ/ጀሚል ሳልሕ)፡ "ሰኣን ልሳን/ኣቡታ ለዩቲ" (እዮብ ብጹምቲ)፡ ራሄል (ኢሳይያስ ጺጋይ) ወዘተ።

ኣብዚ ብርክት ዝበለ ፊልምታት ዝፈረየሉ መድረኽ'ዚ፡ ሓደስቲ ሞያውያን እውን ተቐልቂሎም። እቲ ፊልምታት፡ ብህዝቢ ልዑል ተቐባልነት ዝነበሮ፡ ኣታዊኡ ድማ ልዑል ነበረ። በዚ ማእረት፡ ኣቓልቦ ኣውፊርቲ ስሒቡ። ጽልዋ ናይቲ ፊልምታት ዝፈጠሮ ልዑል ዓቕሚ ሰነምግባር ዝኸደ ተዓዚቢ ዝመጽኣሉ ዝነበረ እዋን ድማ'ዩ። ንኣብነት፡ "ፈቲለዶ ክምርዓወኪ" እዚ ዘየበሃል ሰብ'ዩ ርእዩዎ። ኣፍቃሪቲ ፊልም ናብ ሲነማ ዝውሕዝሉ ዝነበሩ እዋን ድማ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ፊልምታት ብቪድዮ ካሴታት ተማሊኡ፡ ኣብ ወሸጥን ወጻእን ብዝበዝሐ ይዝርጋሕ ነይሩ። ብሓፈሻ ምስ ዝርአ፡ ኣብዚ ሓጺር ግዜ'ዚ ዓቢ ተመክሮ ምስራሕ ፊልም ተጠርዩ፡ ሞያውያን ድማ በርኪቶም።

ብድሕሪኡ ግን ምቕልቃል ሓጸርቲ ኮመዲታትን ደርፍታትን ዝሓዘ ፍርያት ("ከዋኽብቲ ኣስመራ"፡ "ባህታ ዘንተእለት") ምድኻም ፊልምታት ኣኸቲሉ።

**ካልኣይ መድረኽ** (2006 – 2011)

እዚ እዋን'ዚ፡ ስራሓት ፊልም ብቑጽሪ እናዓበየ ዝኸደሉ እዋን'ዩ። ተመክሮ ምስራሕ ፊልምን ኣቓልቦ ተዓዘብቲ ኣብ ፊልምን ከኣ ኣተብባዒ ነይሩ። ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ፊልምን ኣፍረይቲን ናብዚ ዓውዲ ክጽንበሩ ጀሚሮም። ማዕረ'ቲ ብዝሒ ፍርያት፡ ምስእ ኣተኩሮኡ ናብ ዕዳጋ ዝነበረ ነይሩ። ስለዚ፡ ኣብ ዓይነት ፊልም ብዙሕ ዕበየት ኣየርኣየን። መብዛሕትኡ'ቲ ዝፈረ ዝነበረ ዓይነት ፊልም ኣብ ድራማ ዝዘንበለ ጀር ዝምደብ'ዩ። እቲ ብዝሒ ዝፈጠሮ፡ ማስርዕ ኣብ ኣሃዱ ምመያ በዚሑ፡ ኣብ ሲነማውን ብረጋ ደእቶ ብምንባሩ፡ ማስርዕ በዚሑ።

ሓደ ካብቲ ዝተራእየ ዝዓበየ ብደሆ፡ ተመክሮ ይኹን ስልጠና ከይደለበ ናብ ምስራሕ ፊልም ዝጽንበር ሰብ ኣመና በዚሑ። ፊልም ናይ ጌጋን ፈተነን (trial and error) ኮይኑ፡ ኣፍረይቲ ተባዚሖም ናብዚ ዓውዲ'ዚ ዝኣትዉ ሰባት ብዝዕባ ፊልም ዝነበሮም ኣፍልጦ ድኹም ነይሩ። ስለዚ'ምበኣር፡ ደረጃታት ስራሕትን ስራሕ ፊልምን ዘይልለዩሉ ኹነታት፡ በዚ ኸኣ ንፊልምታት ዝድርጅ ኮሚቴ ብጠቐበ ስነጥበበኛታት ቈይሙ። ከም ናይዚ ወጽኢት፡ ብ50 ኣለይቲ ዝተሰርሓ 81 ፊልምታት ንምመያ ቀሪበን። 67 ካብኣተን ኣብ ድራማ ዝምደባ ነይረን። ገለ ካብዘን ፊልምታት ንምጥቃስ፤ "ትዕግስቲ" (ዳንኤል ተስፋማርያም/ቢንያም ፍስሓጽዮን)፡ "ንሪም" (ፍትዊ ተ/ማርያም - ዲሰሎ)፡ " ሸሎ" (ዳንኤል ተስፋማርያም/ስምኦን ሓገስ)፡ "ምድሪ ሚያውያን ኣናብስ" (ኢሳይያስ ጺጋይ)፡ "ባሎን" (ምስጉን ዘርኣይ - ወዲ ፈራዳይ)፡ "ጠባ ኣብ ዓለሙ" (ኣወል ሰዒድ)።

ምስ ኩሉ ብደሆታትን ብልጫታትን ኣብ ስራሓት ፊልም ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ገለ ካብ ዝተራእዩ ተርእዮታት፤ ዕቤት ኣብ መረዳእታን ኣቀራርባን ስእሊ፣ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ኩሉ ዓውዲታት ፊልም ዓቢዩ፣ ኣብ ምውሳእ ዝደምቁ ከዋኽብቲ ተራእዮም። ናይ ኣፍረይቲ ምስእ ምርኻሳ ኸኣ ኣብዚኣቶም ኩይኑ፡ ከም'ኡ'ውን ኣታዊታት ሲነማን ዲቪዲን ኣተባቢዒ ነይሩ።

ብተመሳሳሊ፡ ዘርጋሕቲ ናይ ደገ (ኣፍረይቲ) ምስ ወከልቶም ኣብ ወሰናት ሞያውያን ይምርከሱ ነይሮም። ኣብ ሲነማ ኸኣ ናጻ ውድድር ዘይከኑሉ ማስርዕ ምሕላው ነይሩ። እዚ ድማ ነተን ብሉጻት ፊልምታት ኣተባቢዒ ኣይነበረን። ብሓፈሻ ናብ ኣሃዱ ምመያ ዝኣተዉ ጽሑፋት ፊልም ኣመና በርኪቶም። ኣብ ምፍራይ ግን ምስ ብዝሒ'ቲ ዝኣተወ ጽሑፋት ዝመጣጠን ኣይነበረን። ንኣብነት፡ ኣብ 2010 ናብ ኣሃዱ ምመያ ዝኣተወ ጽሑፍ ፊልም 193 ኮይኑ ካብዚ እቲ 37 ጥራይ ተሰሪሖም።

**ሳልሳይ መድረኽ** (2012 – 2015)

ኣብዘን ቀዳሞት ክልተ ዓመታት፡ ልዑል ምፍራይ ተራእዩ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት 112 ፊልምታት ናብ መማጸኒት ኮሚቴ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ቐሪበን። ገለ ንምጥቃስ፤ "ደባስ" (መኮንን ወልደኣብ፡ ስምኦን ሃብተማርያም)፡ "ሰብ ኣርወ" (ኤፍሬም ካሕሳይ - ወዲ ኹዳ)፡ "መን ከም ህያብ" (ዳንኤል ኣብርሃ/ሃብተም ዓንደብርሃን)፡ "ሃልውሊዩ" (መርሃዊ መስፍን/መርሃዊ ኣፈወርቂ)፡ "ደበንገረ" (ናህም ኣብርሃም)፡ "ዕጫይዶ ምርጫ" (ሙብራህቱ ግርማይ). . . ምጥቃስ ይከኣል።

ኣብዚ መድረኽ'ዚ ካብ ዝተራእዩ ፍሩያት ተርእዮታት፤ ቀዳማይ፡ ኣብ ጥበብ ስእሊን ኣርትዖትን ደሓን ዕቤት ተራእዩ። ካልኣይ፡ ፊልምታት ብመወልቲ ዘይኮኑስ ብስራሕተኛታትም ወይ ብስነ-ጥበበኛታት ክምወል ጀሚሩ። ብኡ መንጸር ድኣተኮት ኣብ ባጀት ክቀላቐል ጀሚሩ። ሳልሳይ፡ ኣብ መብዛሕትኡ ፊልምታት ርኡይ ሃጓፍ ኣብ ኣነጋግራ ዛንታ ተራእዩ። ኣብ ገለ ውሑድ ከኣ ዕበየት ኣብ ኣዘናትዋ ተንጸባሪቑ። ራብዓይ፡ ምምላቕ ፊልምታትን ምዝርጋሕን ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብን ዓቢዩ። ቀስ ብቐስ ካብ ቀጽጽር ወጺኡ'ውን ኮይኑ። ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ደገ ዕዳጋን ናይ ሲነማ ምንቅልቓልን ተራእዩ (ብሰንኪ ብዝበዝሐ ብፍላሽ ብምምላቕ)። ቀስ ብቐስ ከኣ ናብ ብ"ዩትዩብ" ምዝርጋሕ ተሰጋጊሩ።

**ራብዓይ መድረኽ** (2015 - )

ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ፊልምታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ናይ "ዩትዩብ" ዕዳጋ ዝምርኮሱ ኮይኑ። ብዝበዝሐ ሓጸርቲ ድራማታት፡ ኮመዲ፡ ናይ ዌብ - ተኸታታሊ ፊልም ድማ በርኪቱ። ውሑድ እንተ ዘይኮይኑ፡ ብምሉእ ዝርጋሐ ፊልምታት እናኣንቈልቆለ መጺኡ። ኣብዚ ካብ ዝተራእየ ጉሉሕ ተርእዮታት፡ ድኣተኮት ባጀት ክርአ እንክሎ፡ ብዝበዝሐ ምፍራይ ግን ተፈጢሩ። ብቑጽሪ ምስ ዝርአ እቲ ፍርያት ኣመና ዓብዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ካብዚ ናይ 27 ዓመታት ተመክሮ ምፍራይ ፊልም ሃገርና እንታይ ተማሂርና? ከመይከ ይግምገም? ዝብል ማእረታዊ ሕቶ ምስ እነልዕል፡ ኣብ መወዳእታ፡ "ምሉእ ቅርጺ ኢንዱስትሪ ፊልም ክፍጠር ኣይተኻእለን" ክበሃል ይከኣል።

ምጅማር፤ ጸሓፍቲ፡ ኣማዕበልቲ ሓሳብ፡ ኣፍረይቲ፡ ተወከልቲ ዘርጋሕቲ ሚድያታት ኣብቲ ዕዮ ክሳተፉ ይግባእ። ኣብ ናትና ተመክሮ፡ ጸሓፊ'ዩ ናይዚ ኹሉ ሓላፍነት ዝስከም። ስለዚ'ዩ ድማ ኣብ ምምዕባል ዛንታታን ትሕዝቶን ሃጓፍ ዝርአ። ናይ ቅድመ-ምፍራይ ስራሓት'ውን ኣብዚ ይጠቓለል።

ምፍራይ፤ ካብ ደረሲ ብቐጥታ ናብ ዳይረክተር ወይ መዋሊ ይሰጋገር። ኣብዚ ናይ ቅድመ-ምፍራይ ምድላዋት ገዚዙ ዝርከቡ ዕድላት፡ ነቲ ስራሕ ዘደሊ ቀረብት ምድላው ሃጓፍ ይንጸባረቑ። እቲ ሓላፍነት ኣብ ዳይረክተርን ኣካየዲ ስራሕን ጥራይ ይምርከስ። ኣብ ሰኣልቲ'ውን ምድርራብ ዕዮታት ይርአ። ድሕረ-ምፍራይ፡ መብዛሕትኡ ዕማማት ብሓደ ኣርታዒ እዩ ዝስላሰል።

ምዝርጋሕን ምብጻሕን፤ ናይ ፊልምን ቪድዮን ዘርጋሕቲ፡ ኣቃላሕትን ኣርኣይትን ትካላት፡ ወዘተ. ዝሓቑፍ ክፋል ምስራሕ ፊልም እዩ። ኣብዚ ዘርኢ ሃጓፍ፡ ሳሕዊ ሞያውያን ምውዕዋዕን መሻጣን ይንጸባረቑ።

ምህላኽ ብዘዓዘብቲ፤ ሲነማታት፡ ተለቪዥን፡ ሸሞጥቲ ፊልም፡ ቻናላት ዩትዩብ ይሳተፉ። ተዓዘብቲ ብጥበብ ብሓሳብን ገዚዞም ከህልዎ ነቲ ኣፍራዪ ኸኣ ሞሳኡ ክምልሱ ዘኽእሎም ጥበብ ከፍጥሩ ኣለዎም። ኣብ ናትና ግን፡ ብፍላይ'ኳ እቲ ናይ ወሽጢ ዓዲ ተዓዘብ፡ ንሞያውያን ዘይከኣ ንኣብዕት-መዘቃ እዩ ዝኸፍልን ዘርብሕን ዘሎ። ስለዚ፡ ናይ ዩትዩብ ኣታዊን ተራኣዩትን በዚኣዎ ኣብ ምንቅልቓል ይርከብ ኣሎ።

ብኣጠቓላሊ ካብ ዝተራእዩ ዓበይቲ ሕጽረታት፤

- እቲ ማእረታዊ ቅርጺ ኢንዱስትሪ ፊልም ሃገርና ጌና ብዝዋዓእ ደሰርሕ የለን። ወይ ማእረታዊ ቅርጺ ኢንዱስትሪ ፊልም ክፍጠር ኣይተኻእለን። እዚ ማለት፡ 'ምጅማር - ምፍራይ - ምዝርጋሕ - ምብጻሕ - ምህላኽ ብዘዓዘብ' ዝመላለዩሉ ቅርጺ ዛጊት ኣይሓዘን ማለት'ዩ።

- ሞያውያን ስራሕቲ ፊልም ናይ ምፍጣር ዓቢ ሃጓፍ ኣሎ።

- ናብ ስራሓት ፊልም ዝኣትዉ ስራሕቲ ብዘይ ሞያዊ ስልጠና'የም ዝኣትውዎ ዘለው። ማእረታዊ ስልጠና ዝህብ ትካላት የለዋን።


- ብውልቀሰባት፡ ሓላፍነት ኸኣ ብትካላት ዝስራዕ ስልጠናታት ኣሎ። ስሩዕን ቀጻልነት ዘለዎን ግን ኣይኮነን።

- እቲ ዝዓበየ ሃጓፍ ዝፈጥር ዘሎ ኸኣ እቶም ብዘተፈላለየ ኣገባብ ፍልጠት ኣሰራርሓ ፊልም ዝሰነቑን ዝበለጹን ስራሕቲ ፊልም፡ ኣብቲ ዓውዲ ነዊሕ ኣይጸንሑን'ዮም። ስለዚ፡ ፊልም ኤርትራ ኩሉ ግዜ ሓደስቲ ፈተንቲ ስራሕቲ ፊልም'ዩ ዘኣንግድ ዘሎ። እዚ ድማ ምትሕልላፍ ተመክሮን ዓቕምን ከም ዘይህሉ'ዩ ዝገብር።


እቲ ዝዓበየ ድኽመት ኣብ ዛንታታን ኣዘናትዋን'ዩ ተንጸባሪቑ። ፊልም ኤርትራ ክለዓል እንከሎ ብዝበዝሐ ሞያውያን ዝጸብብቱን ዝለዓል ድኽመት፡ ምስ ዛንታታን ኣዘናትዋን ዝተኣሳሰረ'ዩ። ኣብ ሃዋርድ ዩኒቨርሲቲ መምህር ዕዮ ፊልም ተሓጋጋዚ ፕሮፈሰርን ዳይረክተርን ኣምባሳደር በርሀ ዝ. ተርእዮ'ዚ ብኸምዚ ይገልጾ፤

"ኣብ ኤርትራዊ ፊልምታት ዘሎ ግሉይ ኣመለኻኽታ፡ ብለጽ ፊልም ንምፍራይ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ኣተኩሮኡ ኣብ ቴክኒካዊ መዳይ ጥራይ ይገብር ምህላዉ እዩ። ቴክኒካዊ መዳይን ዕጥቅን ስለዝተመሓየሸ ፊልምታት ይዓቢ ኣሎ ማለት ግን ኣይኮነን። ኢንዱስትሪ ፊልም ክዓቢ እንተ ደኣ ኾይኑ ትሕዝቶን ብቕዓትን ክወሃሃድ ኣለዎ። . . . ርግጽ'ዩ ኣብ ናይ ምፍራይ ብቕዓት ብመንጽር ንጹረ ስእልን ደምጽን ክንርእዮ እንከለና ኤርትራዊ ፊልም ተመሓይሹ እዩ። ይኹን'ምበር ብሉጽነት ናይቲ እትጥቀመሉ ምዕቡል መሳርሒ ከነ ዲጂታዊ ቪደዮ፡ ከም'ኡ'ውን ኣነጋግራ ዛንታታን ቋንቋ ሲነማን ክሰዕ ዘይተረድኣካ ትርጉም ኣልቦ'ዩ። ኣነ ዝ. ናይ ግዜ፡ ገዚዘን ዓቕሚን ብኸልት እዩ ዝበሎ።"

ሓደ ካብ ደረኽቲ ንምዕባለ ስነጥበባዊ ፍርያት ምስራዕ ውድድራትን ሞሳ ዝህብ ትካላትን ምህናጽ እዩ። እዚ ኣብና ጌና ኣይተገብረን። ውድድራት ዘሰርዕን ሞሳ ዝህብን ትካላት ኣይፈጠርናን። ንሓደ ዓውዲ ክምዕብልምን ከዕብዩምን ካብ ዘኽእሉ መንገዲታት፡ ነቶም ዝያዳ ዕበየትን ስጉምትን ዘርእዩ ስራሕቲ ኣፍልጦ ምሃብን ምኽብሶምን'ዩ። ኣብ




ገለ እዋን እዚ ልምዲ'ዚ ተራእዩ ነይሩ'ዩ፡ ኣይቀጸለን ጥራይ ዘይኮነ ግን ነዊሕ'ውን ኣይከደን። ንኣብነት፡ እቲ ህቡብ ሸልማት ራይሞክ ንገለ ፊልምታት ተዋሂቡ ነይሩ። "ባሩድ 77"፡ "ኢታ ኣደ"፡ "ምቁር መርዚ"፡



"ዳግማይ ህይወት" ድሕሪ ምሽላሙ ግን ተቛሪጹ። ብተመሳሳሊ፡ ኣብ 2010 ብመማጸኒት ኮሚቴ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ዝተወሰደ ተበግሶ ከም'ኡ'ውን ብህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ዝተወደበ ውድድር "ሻሞት" ሰለስተ ግዜ ተኻዪዱ ተቛሪጹ።

ካልእ ርኡይ ብደሆ ንፊልም ኤርትራ ዝጣበቕ ኣካል ዘይምህላው እዩ። ንማሕበል ስራሕቲ ፊልምን ሰርሓተይምን ዝጣበቕ ኣካል ዘይምህላው፡ ነቲ ኢንዱስትሪ ዘማእዝኖ ትካላት ዘይምህላው፡ እቲ ዓውዲ ኣንፈቱ ከይፈለጠ ከም ዝጎዓዝ ገይሩዎ። ንውልቃዊ ጻዕርታት ሰራሕቲ ፊልም ድማ ኣብ ኩሉ መድረኻት ዝድግፍ ኣይተረኽበን።

ኣሃዱ ምመያ ሚኒስትሪ ዜና፡ ክጽዮ ምመያን ፍቓድ ምሃብን ዝሓልፍ ኣበርክቶ ኣይነበሮን። መማጸኒት ኮሚቴ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ክጽዮ ንፊልምታት ብመግዛታትን ጽኑዓታትን ምድራጅ ዝሓልፍ እጃም ኣይነበሮን።

ብውልቀሰባት ካብ ዝርአ ድኻሞት ምስ እንርኢ፡ ኹኑ ተደጋጋሚ ጥሕሰት መሰል ዋንነት፡ ናይ ዘርጋሕቲ ምድንጋራት፡ ዘይሕጋዊ ምዝርጋሕ . . . ኪጋጥም እንከሎ እኹል ውሕስነት ኣይተዋህበን።

ኣብ ዕበየት ፊልም ወሳኒ ተራ ዘለወን "ኣድማዕቲ ኣፍረይቲ ፊልም" ስቱድዮታት - ውሑዳትን ወሰናትን ጊዜፍጓ - ዳርጋ የለዋን። እተን ዘጸንሓ ስቱድዮታት ኣድማዕነተን ድኹም እናኸደ እዩ መጺኡ። ብፍላይ ኣብዚ እዋን'ዚ ፊልምታት ዝያዳ ብውልቀ ሞያውያን ዝዕመም ይኸውን ኣሎ። ምድርራብ ስራሓት ከኣ ኣሎ። ሓደ ሰኣላይ፡ ዳይረክተር ሰእሊ፡ ክኢላ ብርሃን፡ ቀራጺ ድምጺ፡ ሰኣሊ ኮይኑ ይሰርሕ፡ ኣብ ኣርትዖት'ውን ምቕሊት ስራሕ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን።

ዝተሰርሐ ኣብ ምዝርጋሕ ዘሎ ጸገማት'ውን ጉሉሕ'ዩ። ድኹም መርበብ ኣዘራጋሒ ጥራይ ዘይኮነ፡ ጉዳይ ምዝማዕ ነገዶ ዝኸውን ዕዮታት ብዙሕ እዩ። እዚ ብፍሉይ ኣብ ቀዳሞት ናይ ሲነማ ዓመታት፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ መጀመርታ እዋናት ዘመን "ዩትዩብ" እዩ ተራእዩ። ሕጂ'ውን ምሉእ ብምሉእ ጠፊኡ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

ፊልም ሃገርና ንምምዕባል ደኣ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

ይቕጽል . . .

---

**በሊ.ዕኩምዶ?**

ሰብ፤ ንስጋኡ ይምግቦን ይከናኸኖን ብመኣዘዊ መግቢ ሓይሉ ንኸይዕቢ፤
ሰብ፤ ጽምኡ ንኸርዊ ጽሩይ ማይ ይሰቲ ኣካሉ ደረቕ ከይማስን ምእንቲ።

እሞ በሊዕኩምዶ?
ግጥሚ'ውን ይብላዕ'ዩ
ይስተ፡ ይምገብ
የደስት፡ የዕግብ
ይኸውን ፈውሲ ልቢ
ሓገስ ፈጢሩ መንፈስካ የዕቢ።

የናስ መንግስትኣብ

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ኑቶም ዘርከብሉ መዘኻኸሪ ኑቶም ዘየርከብሉ ንዛንታ፦

ኣብ ፈለማ 70ታት፡ ቀዳሞት ተቓለስቲ ተጋሩ፡ ንዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ከም ተባዕ ውሳነን ሞዴልን ብምውሳድ፡ ዕጥቃዊ ቓልሲ ንምብጋስ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ርክብ ምስ ጀመሩ፡ ንነብሶም "ተጋድሎ ሓርነት ህዝቢ ትግራይ" ክብሉ እዮም ሰምዮማ። እቲ ስም ቅድሕ/ልጥፍ (Copy/Paset) እዩ ዝነበረ። ኣይጸንሑን፡ 'መገዲ ዓወት ምስ ህዝባዊ ግንባር'ዩ' ስለ ዝበሉ፡ ንተሓኤ ገዲፎም ምስ ህዝባዊ ግንባር ምጽጋዕ መሪጾም። ስሞም ድማ ናብ "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ትግራይ" ክቐይርዎ ወሲኖም። እንተ ኾነ "ኣይፋልኩምን! እቲ ስም ምድንጋር ከይፈጥር ካልእ ድኣ ሕሰቡ ተባህሉ። "ናይ ኣቦታትኩም፡ ዘሐብን ታሪኽ መኸተ 'ወያነ ትግራይ' ንምዝካር፡ 'ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ' እንተ ሰመኹሞ ከመይ ይመስለኩም ዝብል ምኽሪ ቀዳሞት ኤርትራውያን ተቓለስቲ ስለ ዝረኸቡ ድማ፡ እታ 'ግንባር' እትብል ቃል ብ'ወያነ' ተለዊጣ፡ እቲ ስም ጸዲቑ።

"ህዝባዊ ግንባር" ዝብል ስም ከም "ትእምርቲ ዓወት" ብምውሳድ ምንቅስቓሳቶም በዚ ስም'ዚ ዘጠመቑ ፖለቲካውያን ሓይልታት ዝተፈላለያ ሃገራት ዞባና ውሑዳት ኣይኮኑን። ምስ ህዝባዊ ግንባር ዝተራጸመ ኩሉ ክስዓርን ውድቀቱ ከቀላጥፍን ብኣንጻሩ ህዝባዊ ግንባር ወትሩ ኣብ ጎደና ዓወት ክምርሽ፡ ህ.ግ. ዝደገፎ ወገን ዓወታት ክግዝም ዝተዓዘቡ ሓያሎ ወገናት እዚ ስም'ዚ ምትሃታዊ ሓይሊ ዘለዎ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖም።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ፖለቲካዊ ቃልሱ ዝፈጠሮ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ፈለማ 70ታት "ንሕናን ዕላማናን" ብዘርእስቱ መዘክር፡ ሃገራውን ህዝባውን ዕላማኡ ከም ብርሃን ጸሓይ ኣነጺሩ፡ ሒደት ተቓለስቲ ሒዙ፡ ኣብ መንጎ ክልተ በሊሕ መላጸ ተቐርቂሩ፡ ጉዕዞ ታሪኽ ካብ ዝጅምር፡ ወትሩ ብዓወት ምስ መረሸ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባር ኣጽሊሉ ዝፈጸሞ ቅያታትን ዝተጓናጸፎ ዓወታቱን ጸብጺብካ ኣይውዳእን። ህዝባዊ ግንባር ኣብ ውሽጢ ሃገር፡ ንኹሉ ናይ ጸላእን ዝጠፈሹ ደቂ ሃገርን ጸቢብን ከፋፋልን ስምዒታት ዝሰገረ ህዝባዊ ሓድነት ብምንዳቕ፡ መላእ ህዝቢ ኣብ ስጡም ሃገራዊ መስርዕ ዘሰመረ፡ ንንእሽቶ ዓቕሚ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ብርቱዕ ሓይሊ ብምቕያር፡ ብኣንጻባራቒ ታሪኽ ዝተመንዘዐ መሰል ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋገጸ፣ ብተሪር መኸተኡ ነቲ ገዚፍ ደገፍ ኣመሪካን መሻርኽታን ዝነበሮ ስርዓት ሃይለስላሰ ካብ ስልጣኑ ኽግለፍ ዝደረኸ፣ ነቲ ብሓገዝ ሕብረት ሶቭየትን ደምበኣን ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝሓየለ ሰራዊት ዝሃነጸ ስርዓት ደርግ ኣብ ነዊሕ ምርብራብ ጸሚዱ ዘሰናበተ፣ ታንክታቱ ሰሪዑ ኣራት ኪሎ ብምብጻሕ ወያነ ኣብ መንበረ ስልጣን ኣዲስ ኣበባ ክቕመጥ ወሳኒ ደገፍ ዘበርከተ፣ ኣመሪካን መሻርኽታን ንወያነ ዓሲቦም ልኡላውነት ሃገሩ ንምቕልባስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዳግም ኩናት ምስ ኣወጁ፡ ሃቐነኦም ኣላሽ ኣቢሉ ውጥኖም ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ዝደርበየ፣ ነዚ ናይ መወዳእታ ሰለስተ ዕንደራ ቅብጸት ኣምኪኑ ዞባዊ ሰላም ዘውሓሰ፣ ተኣምረኛ ውድብ'ዩ - ህዝባዊ ግንባር። እቲ ህዝባዊ ግንባር ዝብል ስም ከም ትእምርቲ ዓወት እንተ ተወሰደ እምበኣር ዘገርም ኣይኮነን።

ኤርትራ ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን ካብ ካርታ ዓለም ክትሕከኽ ካብ ዝተበየነሉ እዋን ጀሚሩ፡ ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡን ብብዙሓት ስርዓታትን ዘራያቶምን ንሞት ተፈሪዱ'ዩ። እንተ ኾነ፡ እቶም ንሞት ዝፈረድዎ ኩሎም ግብኣተ መሬቶም ኣቀላጢፎም በብተራ ሲኦል ክወርዱ ተዓዚቡ፡ ተዝካሮም ጸንቢሉ እምበር፡ ንሱ ኣይሞተን። ምስጢር ዓወት ናይ'ዚ ብድሩት ዓቕሙ፡ ብዘይ ዝኾነ ዘራይ፡ ኣብ ነብሱ ተኣማሚኑ ዝጓዓዘ ዘሎ ገድለኛ ህዝብን መሪሕ ውድቡ ህዝባዊ ግንባርን እንታይ ምዃኑ ንምግላጽ ሓያሎ ጸሓፍትን ተመራመርቲ ታሪኽን ዝመስሎም ጽሒፎምን ብዙሕ ትንታነታት ኣቕሪቦምን እዮም።

ምስጢር ኣንጸባራቒ ዓወት ህዝቢ ኤርትራን መሪሕ ውድቡን ብዝምልከት ብዙሕ ክበሃል ይከኣል ይኸውን። ብሓጺሩ ግን እቲ ብዝኾነ ሓይሊ ዘይንደል ነቕ ዘይብል ህዝባዊ ዕላማኡን ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ዝተኸስከሰ ክብርታትን እዩ። ህዝባዊ ግንባር ብህዝቢ ዝተፈጥረ ናይ ህዝቢ ውድብ እዩ። ክብርታቱ ድማ ህዝባዊ ባህሊ ክኸውን ዝበቕዐ እዩ። ህዝቢ ስለ ዘይስዓር ከኣ ኩሉ ውዲትን ሽርሒን መዋቲ፡ 'ዓወት ሓፋሽ!' ከኣ ነባሪ ኾይኑ ይቕጽል ኣሎ፣ ገና እውን ክቕጽል እዩ.. ህዝቢ ብልዑል እምነት መስዋእቲ ዝኸፈለሉ ባህጊ ምሉእ ብምሉእ ክሳብ ዝሰምር።

ዘለናዮ ግዜ፡ ብመንጽር ህዝቢ ኤርትራ ዝሰገሮ ነዊሕን ፈታንን ተጋድሎ ኣዝዩ ዝበለጸ መድረኽ እዩ። ዝሓለፍናዮ ታሪኽ ተመሊስና ምስ እነስተንትኖ፡ እቲ ነዊሕ ለይቲ ሓሊፉ፡ ኣብ እዋን ወጋሕታ ከም እንርከብ ምግንዛቡ ኣየጸግመናን። ዝሓለፉ ሰለስተ ወለዶታት ኤርትራ፡ መወዳእታኡ እንታይ ክኸውን እዩ ብርግጽ ኣብ ዘይፍለጥ ግብ ዝበለ ጸላም እናነበሩ፡ ካብቲ ጸላም ንምውጻእ ናይ ሞትን ሕየትን ቃልሲ እናካየዱ እዮም ንህይወት ሓሊፎማ። ሓደ እምነት ግን ነይሩዎም፡ "እንተ ጸኒዕካ ግድን ዓወት ኣሎ" ዝብል ነቕ ዘይብል እምነት።

ዘለናዮ ግዜ መሳግሮ ናብ ሓድሽን ዝተፈልየን ምዕራፍ እዩ። እዚ ማለት ዝጸንሐ ጸገማትናን ብድሆታትናን ከም-ቅጽበት ህልም ኢሉ፡ ብማናን ራህዋን ክትካእ'ዩ ማለት ኣይኮነን። እቲ ሰናይ ዘመን ብግዜ ርሑቕ ኣይኾነን እምበር፡ ደረጃ ብደረጃ ስለ ዝመጽእ ዝጠልቦ ግዜን ዓቕልን ስራሕን ኣሎ። ከምቲ ብርሃን ወጋሕታ ምምጽኡ ርጉጽ ምዃኑ ፈሊጥና እንጽበዮ፡ እቲ ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ ዝኸሰት ሰፊሕ ዕድላትን ረብሓታትን እውን፡ ንእሸቶ ዓቕልን ናብኡ ዘብጽሕ ስራሕን የድልዮ እዩ። እቲ ጽቡቕ ነገር ግዳ፡ ሕጂ ዝሕተት ትዕግስቲ ከም ዝሓለፈ መድረኻት ኣብ ግብ ዝበለ ጸላም ዘይኮነ፡ ኣብ ትሕቲ ባና ብሩህ መጻኢ ምዃኑ እዩ።

ከም ህዝቢ፡ ነቲ ነዊሕ ጸላም ሰጊርና፡ ናብዚ ብርሃን'ዚ ክንበቅዕ ዘኽኣለና፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ዝፈጠርናዮ ጥምረትን ውዳበን ኣብቲ መሪር ቃልሲ ዘኹስኩስናዮ ክብርታትን እዩ። ብርቱዕ ፍቕሪ ሃገር፡ ነቕ ዘይብል ዕላማን ዘይጸዓድ መንፈስን፣ ጅግንነትን ተበጃውነትን፣ እቶም ዓወት ንሓፋሽ ግድን ዝገበርዎ ድሙቓት ሃገራዊ ክብርታትና እዮም። ተጻዋርነት ከኣ ከም ክብሪ፡ ዓንዲ ማእከል ናይ'ዞም ኩሎም'ዩ ነይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ዝሕለፎ ገድሊ ካብቲ ቀዳማይ ተጋድሎ ዝሰንፍ ኣይነበረን። ብርግጽ ድማ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ በቶም ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝሃነጾም ክብርታት ዘበርዓኖም ተጻብኦታት ቀለልቲ ኣይነበሩን። ዝዓበየ መርኣያ ናይ'ዞም ተጻብኦታት፡ እቲ ናይ 1998 ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር'ዩ ነይሩ። እቲ ወራር ምስ ፈሸለ ድማ፡ ድምጽና ንምዕባስ፡ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ጉልበትና ንምምካን፡ ካብ እገዳ ጀሚርካ ማእለያ ዘይብሎም ሽርሒታት ስዒቦም። ሃገር ሰባ ንምብዳም ብዝተወደበ ኣገባብ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ክፍጸም ዝጸንሐ ናይ ፍልሰት ገበናት፡ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ዲፕሎማሲያውን ተነጽሎ ንምስግዳድ ዝተኻየደ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናት ኩሉ፡ ዕላማኡ፡ ነቲ ብዓረርን ሓውን ዘይተኻእለ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ምልሕላሕን ምጽዓድን እዩ ነይሩ።

ሎሚ እዚ ኹሉ ተጻብኦታት ብጽንዓት ተመኪቱ ብፍሽለት ተደምዲሙ፡ ታሪኽ ኮይኑ እዩ። ወትሩ ዓወት ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ምዃኑ ኣረጋጊጽና ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ተሰጋጊርና፡ ኣብ ድርኩኹት መስተርሆት በጺሕና ኣለና። የግዳስ ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ እውን እቲ ዓወትና ናይ ግድን ዝገበሮ ያታናን ክብርናን ወትሩ ዕጥቅና ክንገብሮ የድሊ። ከም ዝፍለጥ ባህጊ ህዝብና ስልጥንትን ብልጽግትን ሃገር ምህናጽ እዩ። እዚ ኣቲናዮ ዘለና ሓድሽ ምዕራፍ ከኣ፡ ነዚ ህዝባዊ ባህጊ'ዚ ብምልኣት ከነተግብሮ ባብ ኣርሒዩልና፡ ምቹእ ዕድል ፈጢሩልና ኣሎ። ባህግናን ድሌትናን ብግብሪ እንጭብጦ ኸኣ፡ ንዕኡ ዘበቅዕ ክብርታት ሒዝና ጥራይ እዩ። ሓደን ቀንድን ካብ'ዞም ክብርታት፡ እቲ ጽንኩር እዋን ክንሰግር ዘኽኣለና ክብርታት ዓወት ንሓፋሽ እዩ። ስለዚ፡ ድርኩኹት ብሩህ መጻኢን መስተርሆትን ረጊጽናሉ ኣብ ዘለና እዋን፡ ዕላማና ብምልኣት ጨቢጥና፡ ኣብቲ እንብህጎ ኣጸደ ራህዋን ምዕባለን ክሳብ እንዓርፍ ምስኩር ትዕግስትና ክብታኡ ክጎድል ኣይግባእን። ንሱ እንተ ጎዲሉ ኣሳልጦ ስለ ዘይርከብ።

ዝሓለፈ ሰለስተ ወለዶታት ህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ገድሊ ወለዶ እዩ ነይሩ። እዚ ሓድሽ ወለዶ ግን ወለዶ ልምዓት እዩ። ተልእኾኡ ብዓወት ንምፍጻም ከኣ፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ዕጥቅታትን ጸጋታትን ንላዕሊ፡ ዘድልዮ፡ እቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝሃነጾ፡ ንዝኾነ ብድሆ ብዓወት ክወጾ ዘኽኣሎ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥንካረ እዩ። ዝሓለፈ ጉዕዞ፡ ኣዝዩ ዕዉትን ውሑስን ከም ዝኸውን ዝገበረ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጥንካረና እዩ። ሕጂ እውን ዋሕስ ዓወትናን ልምዓትናን ንሱ እዩ። እቲ ዝዓበየ ዕንቅፋት ሰጊርና፡ ኣብ ውሑስ ባይታ ረጊጽና፡ ካብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝበለጸ ዕድላት ኣብ ቅድመና ኣብ እንርእየሉ ዘለና እዋን፡ ክብርታትና ዓቂብና፡ እንተ ሰሪሕና ኸኣ፡ ኣብ ጎደና ዘላቒ ዕብየት እንጽንበረሉ፡ ዓሰቢ ልዑል ተጻዋርነትና ብኻዕበት እንሓፍሰሉ ግዜ ኣብ ቀረባ እዩ ዘሎ። ወትሩ፡ ዓወት ምስ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

መንእሰይ ቊ. 78





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!


## NOTICE

Notice is hereby given to the public that Japan Spare Parts PLC has conducted its extra ordinary meeting on 14/08/2024 and resolved that:

1. Mr. Imam Mohamedsied Mohamednur has sold and transferred 260 shares to Mr. Abdulaziz Mohamedsied Mohamednur and 80 shares to Mrs. Nuha Abdulaziz Mohamedsied at par value of 1,000.00 Nakfa.
2. Mr. Imam Mohamedsied Mohamednur has withdrawn from the company selling all his shares.
3. Hence, the new shares of the members will be as follows.

| | | | |
|---|---|---|---|
| A. | Mr. Abdulaziz Mohamedsied Mohamednur | 600 | shares |
| B. | Mrs. Nuha Abdulaziz Mohamedsied | 80 | shares |
| | Total shares | 680 | |

**Japan Spare Parts PLC**

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that "**NGISTI Private Limited Company**" has been formed among the following members.

A) Shareholders

| S/N | FULL NAME | | | NO. OF SHARES | VALUE OF |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Tsegay Kidane | Eritrean | Asmara | 60 | 600,000 |
| 2 | Yemane | Eritrean | Asmara | 60 | 600,000 |
| | Total | | | 120 | |

B) The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

C) The total fully paid up capital of the company is Nakfa one million and two hundred thousand (1,200,000.00) divided in to one hundred and twenty (120) shares of par value of Nakfa ten thousand (10,000.00) each and is paid in cash and in kind.

D) The business purposes of the company shall be:

- To engage in any food processing activity
- To engage in the wholesale and retail of cereals, spices, pepper, shiro, and other food products like enjera, hambasha, hilbet, hanza, and other foodstuffs edible and non edible.
- To engage in the business of clearing and forwarding
- To engage in the business of transport, travel and tour, and ticketing services
- To engage in the business of hotel, bar, and restaurant services
- To engage in the business of real estate, maintenance and sales of old buildings
- To engage in the retail of building, agricultural materials and machinery, and spare parts
- To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, brokerage, wholesale, and retail of related activities.

E) Mr. Tsegay Kidane is appointed as the general manager for unlimited period of time.

F) The period for which the company is established is unlimited.

NGISTI PRIVATE LIMITED COMPANY

ንግስቲ ሓላፍነቱ ዝተወሰነ ብሕታዊ ማሕበር

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያም፡ ሳልሳይ ኣትዩ

### ዩኤል ማልያኡ ዓቂቡ፣ ዳዊት ደረጅኡ ኣመሓይሹ




ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ኢንተርማርቸ ቢንያም ግርማይ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ጀርመን ከተማ ሃምቡርግ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ሳልሳይ ኣትዩ።

እዚ ንመበል 27 ግዜኡ ዝተኻየደ 'በመር ክላሲክ፡ ናይ 1.UWT (UCI ዎርልድ ቱር) 177.5 ከሎሜተር እዩ ሸፊኑ። ሆላንዳዊ ተቐዳዳማይ ተም ቨስማ ኦላቭ ኩጅ ከኣ ንኣባል ለድል ትረክ ጆናታን ሚላንን ቢንያም ግርማይን ብቕጽበታዊ ውድድር ረቲዑ ተዓዊቱሉ። እዞም ተቐዳደምቲ፡ ብ3 ሰዓት፡ 39 ደቒቕን 49 ካልኢትን ውድድር ዛዚሞም።

ዕወት ቀጠልያ ማልያ ዘር ፈረንሳ 2024 ቢንያም፡ ቅድሚ ኣብ ሻምፕዮን ዓለም ንኤርትራ ምጽዋቱ፡ 13ን 15ን መስከረም ኣብ ካናዳ ኣብ ክልተ ኽናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክሳተፍ መደብ ተታሒዙሉ ኣሎ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዘር ፖያንግ ሌክ፡ ትማሊ ሰሉይ ብናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ባይክ ኣይድ ዳዊት የማነ ሓሙሻይ ደረጃ ሒዙ።

ነዛ ሓንቲ ተረር ዓቐብ ዘለዎት 29.5 ከሎሜተር ዝነውሓታ ሻውዓይቲ መድረኽ፡ ኣውስትራልያዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ሩጃይ ኢንሹራንስ - ኬን ሪቻርድ ብ43 ደቒቕን 59 ካልኢትን ተዓዊቱላ። ዳዊት፡ ሓደ ደቒቕ ድሒሩ ሓሙሻይ ክስራዕ እንከሎ፡ ወዲ ጋንታኡ ዩኤል ሃብተኣብ፡ 5 ደቒቕን 50 ካልኢትን ድሒሩ መበል 55 ተሰሪዑ።

በዚ ወጺኢት፡ ኬን ንቦጌ ማልያ ካብ ሩሲያዊ ፒተር ሪቡኖቭ ብ14 ካልኢት በሊጹ ክምንጥላ እንከሎ፡ ንቐጠልያ ማልያ ግና፡ ፒተር ብ66 ነጥቢ ለቢሰዋ ኣሎ። ዩኤል፡ ኣብዛ ማልያ 23 ነጥቢ ኣኪቡ መበል 11 ተሰሪዑ ኣሎ፣ ንማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ግና፡ ብ25 ነጥቢ ዓቂቡዋ ኣሎ። ትማሊ ሸሞንተ ናይ ዓቐብ ነጥቢ ዝሸሰበ ዳዊት ከኣ፡ ብ19 ነጥቢ ናብ ካልኣይ ደረጃ ሓኺሩ ኣሎ።

ኣብዚ ናይ 2.2 መለክዒ ዘለዎ ዘር ዝውዳደሩ ዘለዉ ተቐዳደምቲ፡ ሎሚ ሰሉስ ኣብ ሻሙነይቲ መድረኽ 120.5 ከሎሜተር ክሸፍኑ እዮም።

ካብ ዜና እዚ ዓውዲ ከይወጻእና፡ ናይ ዩሲኣይ ዕድል ረኺቡ ኣብ ፈረንሳ እተሰልጥን ዘላ ቅሳነት ወልደሚካኤል፡ ትማሊ ኣካል እዚ ስልጠና ኣብ ዝኾነ ውድድር ሳልሳይ ደረጃ ምሓዛን ጸብጻብ ትግስጥና ምህላዋን ተሓቢሩ። ጽቡቕ ዕድል ንተቐዳደምትና!

## ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ንደያኑ ኣሰልጢኑ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ምስ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራ ብምትሕብባር ን29 ደያኑ ናይ ቀዳማይ ደረጃ (Level 1) ስልጠና ዳኝነት ሂቡ።

እዚ ብሸንበት ዝተዛዘመ ስልጠና፡ ሽዱሽተ ደቂ ኣንስትዮ ዝተሳተፍኦ ኮይኑ፡ ብኡጋንዳዊ ኣሰልጣኒ ኣብዱላ ጊሰሚላህ ካብ 2 ክሳብ 7 መስከረም እዩ ተዋሂቡ።



እዚ ስልጠና፡ ብዜካ'ቲ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ምምዕባል ዘህልዎ ዓቢ ተራ፡ ማዕረ ማዕረ ዕቤት ኣሰልጠንቲን ኣትለታትን፡ ኣብ ዕቤት ዳያኑ እውን ኣበርክቶ ክህልዎ ምኳኑ ተሓቢሩ።

ንሳልሳይ ግዜኡ ኣብ ኤርትራ ስልጠና ዝሃበ ኣብዱላህ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዘይከም ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ህዝቢ ኣብ ምምዕባል እትጉዕበሮ ዘላ ወፍሪ መጉሲ፡ ጽቡቕ ሃዋህው ናይ ትምህርቲን ምቹእ ናይ ምምሃርን ምስትምሃርን ግዜ ከምዝነበረ ብምሕባር ከኣ፡ ሰልጠንቲ ጽቡቕ ሰረት ሒዞም ብምጽንሖምን ዘኣድ ተሳቲፎ ብምግባሮምን ነቲ ናይ ምምሃር መስርሕ ከም ዘሓገዞ ሓቢሩ።

ሰልጠንቲ ብወገኖም፡ ከምዚ ዓይነት ዕድላት ብብዝሒ ይፍጠር ብምህላዉን ተጠቀምቲ ክኾኑ ብምብቅዖምን ከምዝመስገኑ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ኣሰልጣኒ ዮሴፍ ተኽላይ፡ ናብ ፈረንሳ ኣምሪሑ

ኣሰልጣኒ ጋንታ ቅድድም ብሽክሌታ ደንደን የሴፍ ተኽላይ፡ ብምትሕብባር ሃገራዊ ፌደረሽን ብሽክሌታ ኤርትራን ማሕበር ቅድድም ብሽክሌታ ዓለምን (UCI)፡ ዝለዓለ ስልጠና ንምቕሳም ሰንበት 8 መስከረም ናብ ፈረንሳ ከይዱ።

እዚ ዓላማ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮይኑ ዝወሰዶ ናይ ዩሲኣይ ናይ ካልኣይ ደረጃ (level 2) ስልጠና ክብ ንምባል እዩ ንዝለዓለ ትምህርቲ ናብዛ ሃገሩ ኣምሪሑ። የሴፍ፡ ኣብ 2015 ከም ሓላፊ ተክኒክ ኮይኑ ናብ ደንደን ድሕሪ ምጽንባሩ፡ ኣብ 2018 ኣሰልጣኒ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2019 ድማ፡ ኣሰልጣኒ ክልተኡ ጾታ ናይ ኩሉ ዲቪዥንን እዛ ጋንታ ክኸውን ክኢሉ። ነዛ ጋንታ ኣብ ኩሉ ዲቪዥን ዝተፈላለዩ ዓወታት ዘምጽኣላ የሴፍ፡ ብደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዞባ ማእከል ዝበዝሐ ዓወታት ዘመዝገበ ኣሰልጣኒ እዩ። ብፍላይ ዝሓለፈ ዓመት፡ እዛ ጋንታ ዋንጫ ናጽነት ብኹሉ ድቪዥን ክትዓትር ኣኽኢልዋ እዩ።



እዚ ዓላማ፡ ኣብ ሃገራዊ ውድድር'ውን በቦግዜኡ ሻምፕዮን ኤርትራ ዝኾኑ ተቐዳደምቲ ኣፍርዩ እዩ። ኣብ ንኣሽቱ (ጁንየር) ተቐዳደምቲ ፊሊሞን መብራህቱ፡ ጳውሎስ ጉብረሚካኤልን ሚሮን ምስጉናን፡ ኣብ ጁንየር ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ኤልዳና በርኸት - ተቐዳደምቱ እዮም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዓብዪቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ሻምፕዮን 2023 ዓወት ኣማኑ ክልተ ዓመታት ኣከታቲሉ ዕወትቲ ሃገራዊ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ዝኾነት ኣድያም ዳዊት እውን ኣባል እዛ ጋንታ እያ።

የሴፍ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ውድድር'ውን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ብምኻን ዓወት ኣመዝጊቡ እዩ። ኣብ 2022 ኣብ ግብጺ ኣብ ዝተኣንገደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ፡ ጁንየር ተቐዳደምቲ ደቂ ተባዕትዮ ሒዙ ኣብ ኩሉ ውድድር ናይ ጋንታን ናይ ውልቂን ከምኡ'ውን ናይ ጽርግያ ውድድር ንተቐዳደምቲ ኣኽሊሉ ኣረፋይ፡ ዩኤል ሃብተኣብ፡ የናስ ተከኤ፡ ኤቨን ረዳኢ ሒዙ ድሙቕ ዓወት ምምዝጋቡ ይዝከር።

ሃገራዊ ፌደረሽን፡ ብመሰረት ጸውዒት ዩሲኣይ ኣቐዲሙ ንናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ኤርትራ ዝኾነት ተቐዳዳሚት ሰራይር ሳዋ ቅሳነት ወልደሚካኤል፡ ድሒሩ ከኣ፡ ንሻምፕዮን ናይ ጁንየር ኤርትራ 2024 ዝኾነ ኤፍሬም ዘርኢጋብርን ድሕሪኡ ዝወጸ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ መዋእል ጊላይን ንዝለዓለ ስልጠና ዝሓለፈ ኣዋርሕ ናብ ፈረንሳ ከምዝሰደዶም፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል

ስፖርታዊ ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ዝሓለፈ መዓልታት ብኲዕሶ መርበብን ኩዕሶ እግርን ቀጺሉ።

ኣብ መዓስከር ደንደን ክሉብ ቦውሊን ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብራሂ ንዓራግ ሂምቦል ንዒታሮ ብተመሳሳሊ 3-ብ0 ሰዒረናኦን። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ኣብራሂ ንዓራግ 2-ብ1 ክትስዕራ እንከላ፡ ዒታሮ ከኣ ንሂምቦል 2-ብ0 ረቲዓታ።

እዚ ውድድር ኣብ ሰዓታት ድ.ቀ ብኲዕሶ እግሪ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ዓራግ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ካብ ፈሩዝ ሓረጎት ብዝረኸበታ እንኮ ሸቶ ንኣብራሂ 1-ብ0 ሰዒራታ። ብዘይካ'ዚ፡ ዒታሮ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ካብ ፊዮሪ ወልደሚካኤል ብዘመዝገበታ ሸቶ ንሂምቦል 1-ብ0 ከምዝሰዓረታ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ሻምፕዮን ትሕቲ ዕድመ ባድሚንተን ተዛዚሙ



ሃገራዊ ውድድር ባድሚንተን 2024 ናይ ትሕቲ ዕድመ 17 ዓመት፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ደንደን ጂምናዝዩም ተዛዚሙ።

ኣብዚ ውድድር፡ ካብ ኩለን ዞባታት ከክልተ ተጻወትቲ (ሓደ ወዲ ተባዕታይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ) ተሳቲፎም። ብንጽልን ሕውስዋስን ድማ ተጻዊቶም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ መዛዘሚ ዕለት ኣብ ናይ ሕውስዋስ ጸወታ ንሊንዳ ከሱተን ህያብ ኢሳቕን ዝሓዘት ዞባ ማእከል፡ ንኤልዳና ተሰፋኣለምን ሴም ሳሙኤልን ዝሓዘት ዞባ ዓንሰባ 2-ብ1 ሰዒራታ። ንመርሃዊት ክፍለማርያምን ኤርምያስ ነጋሲን ዘሰለፈት ደቡብ ከኣ፡ ሳልሰይቲ ወጺኣ።

ኣብ ናይ ንጽል ጸወታ ደቂ ኣንስትዮ፡ ክልተ ተጻወትቲ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተራኸባሉ፡ ሆሳእና ዳዊት ንደሊና ሲቪል 2-ብ1 ሰዒራ ሻምፕዮን ኮይና። ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር'ውን፡ ክልተ ናይ ማእከል ተጻወትቲ እሞ ከኣ፡ ምዕባይን ምንኣስን ኣሕዋት ቅዱስ የናስን ራኢ የናስን ተራኺቦም። ኣብዚ ወለዶም ዝተረኸቡሉ ጸወታ ከኣ፡ ቅዱስ ተዓዊቱ። ራኢ ካልኣይ ክወጽእ እንከሎ፡ ሴም ሳምኤል ካብ ዞባ ዓንሰባ ሳልሳይ ወጺኡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሃገራዊ ፌደረሽን ባድሚንተን፡ ኣብ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ ዝለዉ ተመሃሮ 'ኣስመራ ስኮላር ሺፕ' ዝሰመዮ ካብ ኩለን ዞባታት ንዝተዋጽኡ ዓሰርተ ክልተ ተመሃሮ ስልጠና ግብራዊ ትምህርቲ ንኣስታት ክልተ ሰሙን ሂቡ። እዚ ንግሆን ምሸትን ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ብኣርባዕተ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ሰርትፍኬት ዘለዎም መምሃራን ከምዝተዋህበ፡ ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ሃገራዊት ጋንታ ቸዝ ናብ ሃንጋሪ ገይሻ

ዳናይት ተስፋዝጊ

ሃገራዊት ጋንታ ቸዝ ኤርትራ፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ውድድር ኦሎምፒያድ ንምስታፍ ትማሊ ምሸት ናብ ሃንጋሪ ርእሰ ከተማ ቡዳፐስት ከይዳ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ናብዚ ካብ ሎሚ ሰሉስ ክሳብ 23 መስከረም ዝካየድ ውድድር ምክትራትን ሓያሰቲን ተጻወትቲ ጠርኒፋ እያ ከይዳ። እቶም ተጻወትቲ፡ ከም ተወዳዳሪን ኣሰልጣንን ኮይኑ ዝኸደ ክብሮም ወልደገብረኤል፡ ኣሳንተ ደብሳይ፡ ሊላይ ወልዱ፡ ሳሚኤል መርሃዊ፡ ሰሱና መሓሪ፡ ኤልሻሎም ኢሲያስ፡ ብስራት ምስጉናን ሰላይት ደብሳይን ብድምር ሸሞንተ እዮም።

ካብዞም ተሳተፍቲ፡ ክብሮም ንራብዓይ ግዜኡ፡ ሃገራዊ ሻምፕዮን ኣሳንተ ደብሳይ ንሳልሳይ ግዜኡ፡ ሊላይ ወልዱ፡ ሳሚኤል መርሃዊን ኤልሻሎም ኢሲያስን ከኣ፡ ንኻልኣይ ግዜኦም እዮም ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ዘለዉ። ብሓፈሻ ኤርትራ ንራብዓይ ግዜኣ እያ ትሳተፍ ዘላ።

ብማሕበር ቸዝ ዓለም ማለት ፊደ ተወዲቡ ዝካየድ ዘሎ ኦሎምፒያድ ቸዝ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 45 ግዜኡ'ዩ ኣብታ ኣብዚ ውድድር ድሙቕ ስም ዘለዋ ሃገር ሃንጋሪ ክካየድ። ድሕሪ'ቲ ሎሚ ሰሉስ ዝካየድ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ከኣ፡ ካብ ረቡዕ 11 መስከረም ኣትሒዙ ብዙርያታት እናተመቐራረሐ ክሰላሰል እዩ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ትኽለ

## እስራኤል - ጅሆታት ናጻ ክልቀቑ ዝጽውዕ ሰላማዊ ሰልፊ ተኻዪዱ

ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ፡ ምስ ምንቅስቓስ ሓማስ ስምምዕ ምቁራጽ ተኸሲ. ብምግባር ጅሆታት ክልቀቑ ተራሕ ይጸወት ከምዝዐለ ዝገልጽ ኣሲታት 750 ሽሕ ሰባት ዝተሳተፍዎ ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ተኻዪዱ።

ንሳቶም፡ መራሕት ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ፡ ንህዝቢ እስራኤል ዘርብሕ መንገዲ ይኽተል ከምዘየለ'ውን ወቒሶም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ከተማ ቴል-ኣቪቭ ተመሳሳሊ ጸውዒት ዝዐበሮ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ከምዝተኻየደ ዝዝከር እዩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ናታንያሁ፡ እስራኤል ምስ ምንቅስቓስ ሓማስ ምቁራጽ ተኸሲ. ክትገብር ክቐርብ ንዘጸንሐ እማመታትን ጸውዒታትን ክዐጽን ከምዝጸንሐ እዩ




ዝውቀስ።

መንግስቲ እስራኤል፡ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ዘካይዶ ዘሎ ደብዳብ፡ ሓማስ ክሳብ ዝደምሰስ ከምዘይቋረጽ'ኳ ይገልጽ እንተሎ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ወተሃደራዊ ስርሒት ክሸፍ ምድምሳስ'ቲ ምንቅስቓስ ዝኸይድ ምኳኑ፡ ወተሃደራውያን ተንተንቲ ይእምቱ።

እስራኤል፡ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ኣብ ወሸመጥ ቓዛ ከም'ቲ ናይ ምዕራባዊ ገምገም ሰፈራታት ክትሃንጽ ከምእትኽእል እዩ ዝግመት።

ዛጊት ልዕሊ 100 ጅሆታት እስራኤል ኣብ ቓዛ ከምዝለው. እትሕብር እስራኤል፡ ኣሲታት ሓደ ሰሶ ካብኣቶም ተቐቲሎም ክኾኑ ከምዝኽእሉ ይእመን።

እስራኤልን ሓማስን ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር ዝጸሓፎ ስምምዕ ብድምር 105 እስራኤላውያን ጅሆታት፡ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ እስራኤል ተኣሲሮም ብዝነበሩ 240 ፍልስጤማውያን እሱራት ከምእተለዋወጡ ይዝከር።

## ጽላት ትምህርቲ ሶርያ ብእገዳታት ኣመሪካ ይህሰ

ኣመራ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ኣጽኒዓቶ ብዘላ በይናዊ ዘይሕጋዊ እገዳታት፡ ጽላት ትምህርቲ'ታ ሃገር ብኸቢድ ከምእተሃስየ ጸብጻብት ሓቢሮም።

ሶርያ፡ ብሰንኪ'ቲ እገዳ ዘመናዊ ናውቲ ትምህርቲ ከተእቱ ስለዘይከኣለት፡ ብፍላይ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ ብወሰኑን ደረጃ ጥራይ ክሰጥኑ ተገዲደን ከምዝለዋ'ዩ ዝጥቀስ።



ጽላት ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮኑ ጥዕናን ካልኦትን'ውን ብተመሳሳሊ መጠን ከምእተሃስዩ ይግለጽ።

ኣብ ልዕሊ ሶርያ፡ ብኣመራ ጥራይ ዘይኮነ ብሕብረት ኤውሮጳ እውን ዝተኣበረ እገዳታት ከምዘሎ ይፍለጥ።

ብሰንኪ'ቲ እገዳታት፡ ኣድላዪ መድሃኒታትን መሳርሒታት ጥዕናን ክኣቱ ከምዘይከኣለ ዝገልጽ መንግስቲ ሶርያ፡ ዜጋታቱ ብሕጽረት መድሃኒት ተጸጊሞም ከምዘለዉ. ክሕብር ጸኒሑ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣመራ ኣብ ሶርያ ተካይዶ ዘላ ምዝማዝ ጸጋታት ዝሃለመ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ነታ ሃገር ኣብ ዓሚቝ ጸጥታዊ ቅልውላው ሸሚምዋ ከምዘሎ፡ ናይ ቀረባ ተዓዛቢቲ ይጠቕሱ።


ኣብ'ቲ ብጸጋታት ነዳዲን ጋዝን ሃብታም ዝኾነ ሰሜናዊ ክፋል ሶርያ ልዕሊ 900 ወተሃደራት ኣሰፊራ ዘላ ኣመራ፡ ዕላማኣ ንምትግባር ሸበራውያን ከተሰጥቕ ከምዝጸንሐት ጸብጻብት የረድኡ።

ኣመራ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ኣጽኒዓቶ ዘላ በይናዊ እገዳ ክተልዕሎን ሰራዊታ ካብ'ታ ሃገር ከተውጽእን ክቐርባ ንዘጸንሐ ጸውዒት፡ ዛጊት ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ከምዘይከኣለት ይፍለጥ።

## ኣመሪካ - ዲክ ቸይኒ፡ ንካማላ ሃሪስ ከምዝመርጽ ኣፍሊጡ

ምክትል ፕረዚደንት ኣመራ ነበር ዲክ ቸይኒ፡ ዝመጽእ ሕዳር ኣብ ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመራ ንካማላ ሃሪስ ከምዝመርጽ ኣፍሊጡ።

እቲ ንነዊሕ ርእሱ ኣባል ሰልፊ ረፓብሊካን ዝኾነ ብዓል ስልጣን ነበር፡ ካብቲ ሕጹይ ሰልፊ ረፓብሊካን ዝኾነ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነታ ንሰልፊ ደሞክራትስ ትውክል ካማላ ሃሪስ ንፕረዚደንትነት ከምዝመርጽ ኣፍሊጡ።



ኣብ እዋን ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆርጅ ቡሽ ሰፊሕ ጽልዋ ከምዝነበሮ ዝነገረሉ ዲክ ቸይኒ፡ ብዛዕባ እዚ ውሳኔኡ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ "ንሰልፊ ረፓብሊካን ልዕሊ ዶናልድ ትራምፕ ሓደገኛ ዝኾነ ውልቀሰብ የለን" ክብል'ዩ ገሊጹ።

ዲክ ቸይኒ፡ "ከም ዜጋታት መጠን፡ ሕገ-መንግስትና ንምሕላው ኣብ ክንዲ ውድባዊ ድጋፍ፡ ረብሓ ሃገርና ክቕድም ኣለና። በዚ ምኽንያት እየ ድማ ንምክትል ፕረዚደንት ካማላ ሃሪስ ክመርጽ ወሲነ" ኢሉ።

ቸይኒ ድሕሪ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንደገፍቲ ካማላ ሃሪስ ዓቢ ፍናን ክፈጥር እኳ እንተሎ፡ ብገለ ኣባላት ሰልፊ ረፓብሊካን ግን ነቐፈታታት ይሰንዞ ኣሎ።

ንሰልፊ ረፓብሊካን ወኪሉ ኣብ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ዝወዳደር ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ንምክትል ፕረዚደንት ኣመራ ነበር ዲክ ቸይኒ "ስማዊ ረፓብሊካን" ክብል ቀሪፉ ኣሎ።

ዲክ ቸይኒ ኣብ ልዕሊ ዶናልድ ትራምፕ ዘለዎ ጥርጣረን ዘይዕግበትን ዝገለጸ ናይ ፈለማ ኣባል ረፓብሊካን ከምዘይኮነ ይሕበር።

## ናይጀርያ - ብግጭት ክልተ ማካይን ሰባዊ ክሳራ ወሪዱ

ኣብ ናይጀርያ፡ ነዳዲ ዝጸዓነት ቦጥ ምስ ካልእ ናይ ጽዕነት ማኪና ብምግጫዋ ብውሕዱ ህይወት 48 ሰባት ዝለከመ ባርዕ ከምዝጋጠመ ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እታ ናይ ጽዕነት ማኪና ከብቲ ጽዒና ብምንባራ እውን ብውሕዱ 50 ካብኣ'ተን ከምዝተቓጸላ፡ ዳይረክተር ትካል ምሕደራ ህጹጽ እዋን እታ ሃገር ገሊጹ።

ጽዕነት ንምግዕዓዝ ዝሕግዝ ስሉጥ ስርዓት መንገዲ ባቡር ዘይብላ ናይጀርያ፡ ኣብ መበዝሕትኡ ዓበይቲ ጽርግያታታ ከቢድ ሓደጋታት ናይ ጽዕነት ማካይን ክረኣ ልሙድ ምኳኑ እዩ ዝሕበር።

ኣብ 2020 ጥራይ 1,531 ሓደጋታት ከምዝጋጠመ ዝገልጹ ጸብጻብት'ታ ሃገር፡ በቲ ብዝበዝሐ. ነዳዲ ኣብ ዝጸዓና ቦጣት ዝረኣ ሓደጋታት ኣብ'ታ ዓመት ጥራይ 535 ሰባት ክሞቱ እንከለው፡ 1,142 ድማ ኣካላዊ መጉዳእቲ ከምዝወረዶም ይዝከር።

ኣብ ናይጀርያ፡ ዝሓለፈ. ሰሙን ዋጋ ነዳዲ ብውሑዱ ብ39 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ እዚ ድማ ኣብ ወሸጢ. ልዕሊ. ሓደ ዓመት ካልኣይ ዝዓበየ ወሰኽ ምኳኑን ሃገራዊ ኩባንያ ነዳዲ ናይጀርያ የረድእ።



## ኣብ ዶብ ዮርዳኖስን ምዕራባዊ ገማግምን ሰለስተ እስራኤላውያን ተቐቲሎም

ኣብ ዶብ ዮርዳኖስን ምዕራባዊ ገምገምን ሰለስተ እስራኤላውያን ብዝተተኩሰሎም ጠያይት ከምእተቐትሉ፡ ሰበስልጣን እስራኤል ገሊጾም።

ብመሰረት መግለጺ. ሰራዊት እስራኤል፡ ማህር ጃዚ. ዝተባህለ የርዳኖሳዊ ዕጡቕ፡ ካብ የርዳኖስ ናብ ድንድል ኣለንቢ. ብናይ ጽዕነት ማኪና ብምቕራብ፡ ካብ'ታ ማኪና ወሪዱ እዩ ተኸሲ. ከፊቱ።

ድንድል ኣለንቢ፡ ኣብ መንጎ የርዳኖስን ምዕራባዊ ገምገምን ዝርከብ እንኮ መሳገሪ ምኳኑ'ዩ ዝፍለጥ።

ኣባላት ጸጥታ እስራኤል፡ ነቲ ዕጡቕ ብኡ ንብኡ ከምዝቐተልዎ፡ ኣብ'ታ ማኪና ነታጉ ከይህሉ ድማ ተፋትሸ ከምዝገበሩ ተሓቢሩ።




የርዳኖስ ነቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር እስራኤል ኣብ ዝርከብ ዶባት ዘጋጥመ ክስተት ተጻርዮ ከምዘላ ኣፍሊጣ፡ እቲ ዶባት ዓበይቲ ማካይን ካብ የርዳኖስ ናብ ምዕራባዊ ገምገም ዝኣቱ ንበረት ዘራግፉሉ እዩ።

ሰለስቲኦም እስራኤላውያን ግዳያት፡ ኣብ ሓለዋ ዶብ ተዋፊሮም ዝሰርሑ ዝነበሩ እዮም።

ኣገልግሎት ዜና እስራኤል 'ካን ነውስ'፡ እቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ሰብ፡ ወዲ 39 ዓመት ከምዝኾነን መራሒ. ማኪና ጽዕነት ከምዝነበረን ሓቢሩ።

ድሕሪ'ቲ ፍጻመ ንእስራኤልን የርዳኖስን ዘተኣሳስሩ ከበባታት ከምእተዓጽወ፡ እቶም ሰበስልጣን ገሊጾም።

የርዳኖስን እስራኤልን፡ ጸጥታዊ፡ ንግዳውን ዲፕሎማስያውን ሽርክና እኳ እንተሃለወን፡ የርዳኖስ ግን፡ ነቲ እስራኤል ኣብ ልዕሊ. ፍልስጤማውያን እትወስዶ ዘላ ስጉምቲ ብትሪ እያ ትኹንኖ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ሚለንዩም | 10/9/24 | ኣድራሻ ባሕቲ ባራ 191 ቁ. ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services